ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.5 | ዓርቢ 6 መስከረም 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2 ጥዕናዊ ጥቕሚ ባናና

ገጽ 3 እቲ ቐዳማይ መባእ

ገጽ 4 በየናይ ባህሪ ዝያዳ ትፍለጥ

ገጽ 5 ዓለምለኻዊ መደበር ጠፈር

ገጽ 7 ኤርትራ - ኣብ ሻምፕዮን ዓለም ክትሳተፍ እያ

ዋዕላ መራሕቲ ሃገራት ‘ሽርክነት ቻይናን ኣፍሪቃን’ ተኸፊቱ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝኣተፍ ዘሎ 9ይ ዋዕላ መራሕቲ ሃገራት ‘ሽርክነት ቻይናን ኣፍሪቃን’ ትግኒ. 5 መስከረም ኣብ ከተማ በይጂን - ቻይና ብመባኢ ተኸፊቱ።

ፕረዚደንት ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ሺ. ጂን ፒንግ ኣብ ዘስመየ መኽፈቲ መደረ መድረኽ ‘ሽርክነት ቻይናን ኣፍሪቃን’ ኣብ 2000 ዓመተ-ምህረት ካብ ዝምስረተ፣ ኣብ ወሽጊ. 24 ዓመታት ኣብ ምድጋፋ ዝምድና ቻይናን ኣፍሪቃን ዝበጽሖ ኣበርክቶን ዘምጹኡ ስለወጥን ድሕሪ ምዝርዝር ልዕሊ. 70 ዓመታት ዝበረ ዝምድና ቻይናን ሃገራት ኣፍሪቃን ኣብ ዝበረኸ ደረጃ ከምዝርከብ ገለጹ።

ሃዙ ንሓብራዊ ምዕባለን ሽርክነትን ዘገልግል 10 ነጥብታት ዝሓቖፈ እምመ ብምቕራብ፣ ኣብ ትግባሪኡ ዝወሰል ኣብ ሰለስተ ዓመታት ዝዘርጋሕ 360 በልዮን ይዋን (ልዕሊ. 50 በልዮን ዶላር) ከም እትምወል ድማ ቃል ኣትዩ።

ኣብ’ቲ መኽፈቲ ሰሓሪዓት፣ ዋና ጸሓፊ ሕብረት ሃገራት፣ ኣቦመንበር ኮሚሽን ኣፍሪቃዊ ሕብረት፣ ኣቦመንበር መድረኽ ‘ሽርክነት ቻይናን ኣፍሪቃን’፣ ከምኡ’ውን ናይ ኣርባዕተ ዞባታት ኣፍሪቃ ወኪልቲ ቃል ኣሰማምጹ።

ኣኼባ መራሕቲ ሃገራት ‘ሽርክነት ቻይናን ኣፍሪቃን’፣ ክሳብ 6 መስከረም ክቕጽል እዩ።

ብዘሕ. ህዝቢ. ኣብ ትሕቲ ጽላል ‘ሽርክነት ቻይናን ኣፍሪቃን’ ዝዋርሑ ሃገራት፣ ሓደ ሰሶ ካብ ጠቕላላ ህዝቢ ዓለም እዩ።

ብምኽንያት ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም፣ ወለንታዊ ልግሲ ደም ተኻዪዱ

ብምኽንያት ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብ30 ኑሓሰን 1 መስከረምን ኣብ ኣስመራ ወለንታዊ ልግሲ ደም ተኻዪዱ።

በዚ ኣዋጅ ህግደፍ ዞባ ማእከል፣ ኣዋጅ ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዳማይ ዘርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፣ ኣዋጅ ሞያዊ ስልጠና ፖሊቴክ፣ ከምኡ’ውን ኣዋጅ ምምሕዳር ንኢሰ ዞባ ሰዳነል ዝወሰድዎ ተዋፂኡ ብድምር 245 ኪጸ.ት ከምኡ’ተለገሱ ሓሊፉ ኣገልግሎት ልግሲ ደም ኣብ ሃገራዊ ባዕክ ደም ኣቶ መሓሪ ኣበርሃም ኣፍሊጠ።

ብወለንታ ዝልገስ ደም፣ ኣብ ኣዋን ሓደጋን ሕርሲን ዘጋጥም ብርቱዕ መደመይቲ ንምትዃእ ኣብ ርእሲ ዘሎዎ ረቡዒ ለገስቲ’ውን ብዘይ ክፍሊት ከትታት ጥዕናን ክፈልጡ ከምዝኽእሉ ብምጥቃሱ እቲ ዝተወሰደ ስጉምቲ ተመሊሮ ኣብ ክረምታዊ ዕረፍቲ ብምህዳም ክኽሰት ንዘኽእል ሕጽረት ንምቅላል እዃም ከምዝዘዎ ገለጹ።

ኣቦመንበር ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዳማይ ዘርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ጀማል ሳልሕ ብወኪሉ ዕሳማ ናይ’ቲ ተዋፂኡ ንዘኽሪ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ዘለዎም ክብሪ ንምግለጽ፣ ከምኡ’ውን ብሰሃዲ ሰኣት ደም እትጠፍእ ህይወት ንኸይትህሉ ከምዝኸሉ ብምሕብር፣ ኣብ ማሕበር ዝርኣይዎ ቅሩብነት ሞገሶ።

ኣብ’ቲ መደብ ዝተሳተፉ ብገይታም መደባት ሃገራዊ ባዕክ ደምን ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደምን ንምዕዋት፣ ከሉ ኣካል ሕብረተሰብ ተራኡ ከዕዘዘ ተሓቢዮም።

ብቕልእ ወገኑ ኣብ ዞባ ማእከል ብኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዳማይ ዘርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተወዳቢ ሓሙ. ክራምት ንጓይ ግዜኡ ዝተኻየደ ደቡ ኣኸዳሚያዊ ትምህርቲ ንብልጽት ብምሸለም ብ31 ኑሓሰ ተዛዚመ።

ኣብ’ቲ ኢጋጣሚ ካብ ነፍሲ-ወከፍ ክፍሊ ብልጽ ነባቢ ዝመገበሩ ተመሃሮ ሽልማት፣ እቲ መደብ ክወን ክኽውን ንዝጸዓሩ መምህራንን ኣብዮተጽሕፈት ትምህርቲ ንኡሳን ዞባታትን ደማ ወረቐት ምስክር ተዋሂቦሞ ኣሎ።

ተጋዳላይ መሓመድ-ሓምድ ኣደም (ዓሸከራይ) ተሰዊኡ

ኣብ ማኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳራት - ኣመሓዳሪ ንኢሰ ዞባ ዓሊባርኃድ ዝበረ ጉዳም ተጋዳላይ መሓመድ-ሓምድ ኣደም (ዓሸከራይ)፣ ብ31 ኑሓሰ ኣብ መባል 79 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ ወርሒ. ሰኔ፡ 1966 ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሳተፈ ተጋዳላይ መሓመድ-ሓምድ (ዓሸከራይ)፣ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ናይ’ቲ ውድብ ብዝተፈላለየ ጸፍሒታት ሓሳፍኦ፣ ክሳብ ኣባል ፈጽሚት ሽምግል ሃገራዊ ባይቶ ስመር ውድብ ኩይኑ ዘገልገለ፣ ድሕሪ ናጽነት ደማ ቡሮዝሪኡ ኣመሓዳሪ ንኢሰን ዞባታት ኣሰምሩ ተሓሊፉ ደኃርዊ፡ ኣፍዓበት፣ መንሲ፡ ሽዕቡን ዓሊባርኃድን ብምኳኑ ንሃገሩን ህዝቡን ብዘወፈየት ዘገልገለ ሓጋሽ እዩ።

ስወኢ መሓመድ-ሓምድ (ዓሸከራይ)፣ ብዋል ሓዳርን ኣቦ 6 ደቂን እዩ።

ስኢሰርዓት ቀብሩ ድማ ብ31 ኑሓሰ ኣብ ከሰላ - ሱዳን ተፈጺሙ።

ምምሕዳር ዞባ ዓንሰቡ ብምሳዋእቲ ኣባሉ - ጉዳም ተጋዳላይ መሓመድ-ሓምድ ኣደም (ዓሸከራይ) ዝተሳመዩ ሓዘን እናገለጹ ንስድራ ቤቱ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጸገዮት ተመኒዩ።

ስእሊ. - ዮናታን የዕብዮ

ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

ጥዕናዊ ጥቕሚ ባናና

ባናና ንፈለማ እዋን ኣብ ነው ጊኒ ዝተገለጸት ሃገር እዩ ተረኺቡ። ቅድሚ 4 ሽሕ ዓመታት ኣብሉ ይኸውን ድማ ናብ ፊሊፒንስ ኣስፋሕፊሑ። ነዊሑ እናበለ ኣብ መላእ ዓለም በጺሑ። ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ህንዲ፡ ኢንዶኔዥያ፡ ኣወስትራልያን ማለዥያን ኣብዙ ፍሉጥ ዘርኢ ኮይኑ ኣብ ቁጠባተን ሃገራት ልዑል ግደ የበርክት። ኣብ ነም ጃፓን ዝኣመሳሰለ ሃገራት ድማ ነጥጽ መገቢ ንመስርሒ ክፍን ነበልግል ደርኢ ኣሎ።

ባናና ኣብዙ ምዃርን ጥዕና ዘለዎ ፍሩታን እዩ። ብኽኢዘዩ ቫይታሚን ‘ቢ.6’፡ ቫይታሚን ‘ሲ’፡ ማንጋዝ፡ ፖታሻዅም፡ ልሕጺ (fiber)፡ ኮፐርን ‘ቢ.ዩ.ቲ’ን ሓብታም ፍሩታ እዩ። ካብ ልዑል ጸቕጢ ደም ንምክልኻል ልዑል ዓቕሚ ነም ዘለዎ ይገረለ። ትሑት ቅብኣዊ ትሕዝዩ ዘለዎ ፍሩታ ብምኳኑ፡ ኣብ ደምና ዝሀሉ መጠን ኮሌስትሮል ሚዛናዊ ክኸውን ይዝብር። ባናና ኣብ ኣጋ ምሸት ምብላዕ ዝህልዎ ጥቕሚ ዘረጋግጹ ሓያሎ ምኽንያታት ኣለዉ። ገለ ካብኡ፦

⇒ ልዑል ቫይታሚን ንኽትረክብ ይሕግዙ፦

ልዑል ፖታሻዅም ዘለዎም መግብታት ምምጋብ ካብ ጸቕጢ ደም ነም ዝለሓኸል እየም ሓጎይም ዘጽሪሩ። ሓደ ማእከላይ ዓቐን ዘለዎ ባናና 420 ሚሊ.ግራም ናይ ፖታሻዅም ትሕዝዩ ኣለዎ። ሓደ ሰብ ኣብ መዓልቲ ክሳብ 4,700 ሚሊ.ግራም ፖታሻዅም ክወስድ ነም ዘለዎ እየም ክኢላታት ሰ መገ. ዘመልክቱ። ስለዚ፡ እቲ ኣብ እዋን ለይቲ ትወስዶ ባናና ነቲ መዓልታዊ ብኽኢላታት ዝተሰክወ ዓቐን ፖታሻዅም ኣብ ምምዕራይ ልዑል ጥቕሚ ነም ዘለዎ ዘይምዝንጋዕ።

ኣብ ኣጋ ምሸት ቅድሚ ናብ ዓረት ምድያብ ኣብ ዘሎ ሰዓታት ባናና ምወሳድ ብቫይታሚን ‘ቢ.6’ ዝሙሉዕ ክኸውንወን ይሕግዝ እዩ።

ደቂቀባዕነዮ ካብ 40 ግራም ንኣሽቲ ጽሕጊ መዓልታዊ ክረኽቡ ነም ዘለዎም እዩ ሕክምናዊ መጽናዕትታት ዘመልክቱ። ናይ ደቃንስነዮ ድማ ካብ 25 ግራም ክንድል ነም ዘይብሉ እዩ

ማእከላይ ዓቐን ዘለዋ ሓንቲ ባናና 8 ሚእታዊት ናይቲ መዓልታዊ ክትወስዶ ናይ ዘለካ ትሕዝዩ ማዕከዘም’ወን ትሸፍን እዩ። ኣብ ግዜ ለይቲ ናይ ጭዋዳታት ቃንዛን ምጭብጥጥን የሸግረካ ምስ ገዘሉ ባናና በለቃ ክትድቅስ ገበዳጸ ፈወሲ ምኳኑ ክኢላታት ይመ’ኸሩ።

⇒ ጽሕጊ ነም እትረክብ ይሕብር፦

ካብ ሓንቲ ማእከላይ ዓቐን ዘለዋ ባናና ክሳብ 3 ግራም ጽሕጊ (fiber) ክትረክብ ትኽእል። ልሕሊ 50 ዓመት ዝዕድመኦም ገዛዝር። ስለዚ፡ ዝ. ዝተጠቕሰ ዓቐን ንምርኻብ ቅድሚ ምድቃሕ ባናና ምወሳድ እቲ ገቕለለን ዝበለጸን ምኳኑ ዘይምዝንጋዕ።

ጽሕጊ ዘለዎም መግብታት ምወሳድ ካብ ዝተፈላለዩ ሕምምታት ልብ፡ ጽቕጢ ደምን ሕምም ሽዑርን ኣብ ምክልኻል ልዑል ጥቕሚ ኣለዎ።

⇒ ኣብ ግዜ ለይቲ ጥማት ነም ዘይለመዳ ይሕብር፦

ኣብ ግዜ ለይቲ ብተደጋጋሚ ሃለፍ እናበለካ ካብ ድቃስ ትብራበር ምስ እትብሉ፡ ቅድሚ ምድቃሕ ባናና ምወሳድ መፍትሒኡ ምኳኑ ኣስተብሂሉ። እቲ ሃለፍ ዘበል ሰዓሊት ናይ ካልእ ጥዕናዊ ጽዓም ምልክት ከይዝወን ናብ ሓኪም ብምኻድ መርመራ ምኽያድ ነም ዘድልዮ ግና ኣይትዘንግዑ።

ባናና ብትሕዝዩ ቫይታሚን ማዕድን ዝሓብተመ ስለ ዝኾነ ብቕለሉ ንኽትጸግብ ይሕግዝካ እዩ።

⇒ ልዋም ድቃስ ንኽትረክብ ይሕግዙ፦

‘ሜሉዮኒን’ (melatonin)፡ ግብሪ መልሲ ናይ ጸልማት ኣካላትና ብፆኢ ርእሱ ዝፈጥሮ ነበዲ (hormone) እዩ። እዚ ነበዲ’ዚ ነም እንታኸስ ይዝብር’ሞ ንኽንድቅስ ንገይደድ። ነበዲ ‘ሜሉዮኒን’ ኣብ ግዜ ለይቲ እናወሰኸ እዩ ዝኸይድ።

ኣብ ግዜ ቀትሪ ድማ እናገደለ ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ይወርድ። ስለዚ፡ ልዋም ዘለዎ ድቃስ ክንረክብ እኸል ነበዲ ‘ሜሉዮኒን’ ክህልወና ይግባእ።

ባናና ‘ሜሉዮኒን’ ንምፍራይ ዝሕግዝ ‘ኣሚኖ ኮሮሲቭ ትራይፕቶፋን’ (amino corrosive tryptophan) ዝተባህለ ኮሚስዊ ወህደት ኣለዎ። ቅድሚ ናብ ዓረት ምድያብና ባናና ምወሳድ ልዋም ድቃስ ንኽንረክብ ሓጊዝ እዩ።

⇒ ኣሲድ ናይ ከሰዐ የመሪሪ

ብ’ኣልሰር’ (ulcer) ወይ ብኣሲድ ናይ ከሰዐ ዝጎዳዱ ሰባት ኣብ ግዜ ቁርሲ ባናና ክወስዱ እየም ብሓኪይም ዝምኽሩ። ምኽንያቱ ባናና ኣብ ቀጻል ናይ ከሰዐ ንዝሎ ቁስሊ ኣብ ምብሕጋስ/ምቅጻል ዝፈጥሮ ጽዓም ዝተሓተ እዩ። መጽናዕትታት ነም ዘመልክትዎ፡ ናይ ከሰዐ ኣሲድ ጽዓም ሃልዩዎም ባናና ምወሳድ ምስ ጥዕንኣም ነም ዘደሰምዎ ናይ ዝገልጹ ሰባት ቁጽሪ ኣዝዩ ትሑት እዩ።

ኣብ ግዜ ቀትሪ ብዙሕ ቀመም ዘለዎ መግቢ ምስ እትወስድ ኣብ ግዜ ለይቲ ብቕሓርን ምቅጻል ከሰዐን ክትሸፍር ልሙድ እዩ። ዝ. ንምክልኻል ባናና በለቃ ክትድቅስ ዝበለጸ ምኳኑ ክኢላታት የመልክቱ።

⇒ ክብደት ንምጉዳል ይሕግዙ፦

ብዙሕ መግቢ ከይወሰድካ ምድቃስ ክብደት ሰቡስትካ ንምቁጽጻር ሓጊዝ ምኳኑ ብዘተፈላለዩ መጽናዕትታት ይግለጽ እዩ። ኣብዚ እቲ ትወስዶ ምጠን መግቢ ትሕዝዩ ዘለዎ ክኸውን ነም ዘለዎ ግና ክንዘዋህ የብልናን። ዝ. ኣንጎብ’ዚ. ብቕለሉ ንምትግባር ባናና ተመጊብካ ክትድቅስ ነም ዝሰኣል እየም ክኢላታት ዘመልክቱ።

ሓንቲ ባናና ክሳብ 105 ካሎሪ ኣለዋ። ክብደት ሰቡስትካ ንምቁጽጻር ካብ 500 ካሎሪ ንታሕቲ ተደረኻ ክትድቅስ መደብ እንተሰካ ክልተ ባናና ምስ ሓንቲ ብኬሪ ጸብ ክትወስድ ነም እትኾኽል ኣስተብሂሉ።

ባናና ቡቲ ዘለዎ ሃብታም ናይ ኻይታሚንን ማዕድንን ትሕዝዩ ኣብ ጥዕናና ልዑል ጥቕሚ እዩ ዘለዎ። ካቢት ብኸይንኻዊ ምርምራት ዝተረጋገጹ ሓያሎ ጥዕናዊ ጥቕምታት ባናና ነም ዘለዉ እዩ ዝገንር። **ገለ ካብቶም ጥቕምታት ንምጥቃሱ፦**

* ባናና መጠን ጨው ኣብ ደም ከመሪሪ ዝኽእል መኣዛ ኣለዎ።

ባናና ‘ፔክቲን’ (pectin) ዝተባህለ ዓይነት ጽሕጊ ብልዑል ዓቐን ሓቑፉ ዝርኸብ ዓይነት ፍሩታ እዩ። እዚ ጽሕጊ’ዚ፡ ከሰዐ ግበእ ንዋሪታቱ ከኸይድ ይሕግዝ።

ባናና ብልዑል ዓቐን ናይ ‘ኣሚዶ’ (starch) ትሕዝዩ ኣለዎ። ‘ኣሚዶ’ ጸዓባ ክል ዓይነት ጽሕጊ ኮይኑ መኣርሕ ምሕቖቕ መገቢ ንምቅልጣፍ ይሕግዝ።

እዚም ካብ ባናን ክንረኽቦም ንኽእሉ ‘ፔክቲን’ ነምኡ’ወን ‘ኣሚዶ’ ዝተባህሉ መኣዛታት፡ ድሕሪ መገቢ ኣብ ደም ዝሀሉ መጠን ሽኮር ናይ ምምዕራይ ጥቕሚ’ወን ኣለዎም።

* ባናና ጥዕና ዘለዋ ልቢ ክትህልወና ይሕግዝ።

ፖታሻዅም ንጥዕና ልቢና ብፍላይ ደማ ንምቁጽጻር ጸቕጢ ደም ዝሕግዝ እቲ ዝበለጸ ማዕድን እዩ። በንጹሩ ዝበዝሐ ህዝቢ፡ ኣብ መዓልቲ ኣብ ዝወስዶ መግብታት እኸል ፖታሻዅም ክወስድ ኣይርኽን እዩ። ዝ. ጠሰብ’ዚ. ንምምላእ ዝሕግዝ እኹ ፍሩታ’ምባኦር ባናና እዩ።

መጽናዕትታት ነም ዘመልክትዎ፡ ልዑል ፖታሻዅም ዘለዎም መግታት ምምጋብ ዘዘወትሩ ሰባት ብሕማም ልቢ ናይ ምጥቃዕ ተኸእሎኦም ብ27% ዝተሓተ እዩ።

* ባናና ምራት ንምክልኻል ዝሕግዝ መኣዛ ኣለዎ።

ከሉም ኣሕምልትን ፍሩታታትን ኣንጻር ምራት ዝሰለኸል መኣዛ ትሕዝዩ ኣለዎም። ባናና ድማ ብዘበለጸ። ኣብ ባናና ‘ዶፓሚን’ (dopamine) ነምኡ’ወን ‘ካተቺንስ’ (catechins) ዝተባህሉ ምራት ዝሰለኸሉ ኮሚስዊት ኣለዉ። እዚኣም ንጥዕና ልቢ ኣዝዮም ኣገደስቲ ኮሚስዊት እዮም።

* ባናና ንጥዕና ከሊት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ፖታሻዅም ነምቲ ጸቕጢ ደም ኣብ ምቁጽጻር ልዑል ጥቕሚ ዘለዎ፡ ጥዕና ከሊት ኣብ ምሕሳው’ወን ኣዝዩ ኣገዳሲ መኣዛ እዩ። መጽናዕትታት ነም ዘመልክትዎ፡ ኣብ ሰመን ክልተ ወይ ሰልሰተ ሳዕ ባናና ምምጋብ ዘዘወትሩ ብሕማም ከሊት ክጥቅዑ ዘለዎም ተኸእሎ ብ33% ዝተሓተ እዩ።

* ባናና ዝበለጸ መገቢ ኣብ ግዜ ምወሰዋስ ኣካላት ምኳኑ ይገንር።

ባናና ንኣትሌታውያን እቲ ዝበለጸ መገቢ እዩ። ምኽንያቱ ልዑል ትሕዝዩ ማዕድንን ብቕለሉ ኩላቕቕ ዝኽእል ካርቦሃይድረይትን ስለ ዘለዎ።

ምንጪ፦ Healthy Food

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቁ.ሰ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቁ.ሰ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም

ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቁ.ሰ.200454-07121322

ምልክታ

ቁ.ሰ 125013 - ቁ.ሳ.ጸ 1284

ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

እቲ ቐዳማይ መባእ

ኣስመራ ፋሽፋሕ ትብል ነበረት። ስራሕ ከም እግርሻን ከም ዳንጋሻኑ፣ ሰኣን ስራሕ ዘለው ዝበል ንበዝ ደቃሰኑ፣ ጥዕና ገዚጣን እጅጉኡ ዝኸበሃበኑ ሰዓታት ከይሓልፍ ብእግርን ብብስክለታን ክሕንበብ ጥራይ ይረኣ፣ ኮኖተም ምስ ሀገጃታት ዝተሓዝዙ ነገራት፣ ኣብዮተ ቀጥሲ፣ ኣብዮተ መግቢ፣ እንዳ ሰዋታት፣ ባራት፣ ሆቴላት፣ ደኳናት ምስ በረርቲ ሽቃጣ ለስትሮታት... እንቲ ሃገን ዝኽተፍሰሉ ዝበረ ዓመት 1995 እዩ።

ኣብ ግዜ ሓጋይ፣ እንስሳይ ኣየም ናይ ገጠር ሓረስትዮት ስራሕም ኣዮተም ንምኽዕባት ናብ ከተማታት ይውሕዙ ነበሩ፣ ነቲ ካብ ግራተም ዝተረኽበ ምህርቲ ቀሲቡ ዓመተም ንምዕቃቡ ናብ ከተማታት ወጺኦም ብምሸቃል ናይ ቡን ጨውብጋሪን ጨርቀመርቅን ወጻኢታት ይሸፍኑ፣ በዚ ምኽንያት ከይኮነ ኣይተርፍን ሃገረ ኤርትራ ኣብ ዓይኒ ፈተውትን ሓሳዳትን ኣትያ "ከይት ከይት ተወንጨፈት!" እናተባህለት፣ ንጽላኣቲ ከተቋርጽም ከለ ንፈተውቲ ድማ ብምልኣት ተሸፉ ብዘይ እንጀራ ኣኽበዶም መሊእ ክትሓድር ዝተራእየት።

ሓደ ካብተም ጻዕራምት ሓረስትዮት ቀሺ ሃብትማርያም ንብረስላሰ በዓል ሃደምቲ እዩ፣ ቀሺ፣ ካብ ዓዲ ሃደምቲ ወረዳ ደርጌን ሕጂ ዞባ ደቡብ ንዞባ ጸርና- ናብ ኣስመራ ኣትዩ ኣብ ሰንበል ጉልበታዊ ስራሕ ክሰርሕ ጀመረ፣ ካብቲ ዝሰርሖሉ ዝበረ ከብ፣ ኣህጉሪውን ወተሃደራዊ መማርፎ ኔፈርቲ ኣስመራን ቀረባ እዩ፣ ትሓልብን ትትንእእን ኣፈት ምስቲ ካብኣ ዝፍጠር ብርቱዕ ደምጺ ኣቓልቦ ሰቡት ክሰርቕ ግድን እዩ፣ ወላ'ኳ እቲ ደምጺ'ቲ ንሰበርቲ ሰንበል ጉዳይፍን ቀሓውታን ተራ ሃበ እንተ ነበረ፣ ንሱም ቀሺ ሃብትማርያም ዝኣመሳሰለ ጋሻ ማን ቀኒሕ ከም ዝብል ይገብሮ፣ ቀሺ፣ ኣብ ሀንጻታት እንዳ ኮርያ ተቐጢሩ ስራሕ ድሕሪ ምጅማሩ፣ ኣብ ተደጋጋሚ ትዕዘዝቲ ነተን ናይ ሓደሊ. ኣየር ኔፈርትን ሲቭሳዊ በረራን ክፈልልየን ክኢሉ እዩ፣ ብሰሉይ 18 ታሕሳስ ዝመዓለ በረራ ኸኣ ፍልይ ዝበለ ኩይት ተሰመዮ።

እቲ ቅንያት'ቲ መራኸቢ ብዙሓን ኤርትራ ናብ ከነታት ሓንሽ ትኸሪት ገይረናሉ ዝበራ ቅነ እዩ፣ ቀሺ ድማ ነቲ ክዕዘቦ ዝጀመረ ናይ በረራ ፍሉይ ክስተት፣ ምስቲ ኣብ ሬድዮ ደምጺ ሓፋሽ ክቃላሕ ዝቐጽለ ጉዳይ የመንን ኤርትራን ከዘምዶ ፈተሎ፣ ዛዕባ ሰከፍታኡ ምስ መሳርሕቱ ከዕልሉ ምስ ጀመረ'ውን ኣብ መንነ ኤርትራን የመንን ወግኢ ከም ዝተወለወ ኣረጋገጹ፣ ምኽንያት ናይቲ ኣብ ሓደሊ. ኣየር ኤርትራ ዝገበር ዝበረ ናይ ዋይ-12፣ ናይ M B -ንኣሽቱ ናይ መጻዝዚያን ናይ መምሪጉ ዓይነታት ኔፈርቲ ምኽሳሰቐኣስ ከኣ ምስቲ ኣብ ከበ. ዓሰብ ዝቆደድ ዝበረ ወግኢ ኣተኣሳሳሮ።

እቲ ወግኢ ምወላዕ፣ ከም ከኒሉ ኤርትራዊ ንቐሺ'ውን ብልቢ ኣዝዘኖ፣ ግሊ ቀጥታን ብሓደ'ርን ንህይወቱ ክፈሉ ኸም ዝኾነ ኣይገመተሉ፣ ስድራቤቱ ብነፃምን ብነፃብን ህይወቶም ይመርሑ ከም ዘለዉ. ተረዳኢ፣ ክሳብ ሓመሳ መዓልቲ ኣንጊሁ ቤተዝዘሃሩ ተሳሊመ፣ ናብታ ፈርያለ ቴንዲኖታት ብስልኪ. ምኣሶ- ዓይትት ስራሑ ተመሳሊሑ፣ ዓርቢ. 22 ታሕሳስ 1995 ግን ኣይግድሉ፣ "በስም'ኣብ!" ኣሉ ስራሕ ጀምር ከብልን ጻወዲት ደምጺ. ኣኸኡ ትልንቲ ማሰጦን ክሰምዕን ሓደ ኸኑ፣ ነበነሃር ትልንቲ ማሰጦ ጸሩይ ኩዱ ገይሩ፣ ናብ እግሪታ ቀሺ. ሃብትማርያም ዝሰርሖሉ ሀንጻ ጸሚዕ ብምባል ኣንቃዕሪሩ ኣማዕደምዱ፣ ብኣዒንቱ ደልዩ ምስ ረሰቦ ደማ ንቐሺ. ጸውዱ፣ "ቀሺ፣ ንዓ ውረድ ደሊካ ኣለኽ፣" በሎ።

ቀሺ. ሃብትማርያም፣ ብዘይተረድኦ ምኽንያት ዝበረደ ማይ ናብ መሳግቦ ኣብራኹ ክዘሩቕ ተፈለጦ፣ ኣኸኡ ሃንደበት ናብቲ ዝሰርሖሉ ዝበረ ቦታ ክመጽእ ከምዝፈቐደ ሰለ ዝተገንዘበ "እሂታ! ኣይደሓንን ዲና!?"

"ድሓን ኢና፣ ንዓ ግደፎ'ቲ ስራሕ" ሰመጊቱ ክቁጽጽር እናፈተሑ፣ እንታይ ረኺበ-ዎምን ምርዳእ ኣበዩ፣ ግዜ ነቲ ዘጋጠመ ሓቂ ኣይሰሓቦኑ፣ ናብ ኣኸኡ እናጠመተ፣ "ኢታ ሰብኣይ ብብርሃ ወደይ ከይትመጽኣኒ! ብብርሃ ወደይ ከይትመጽኣኒ!" ደጋግሙ ተማሕጸኖ። ግዜ ብምሕጽንታ ንድሕሪት ዝምለሰን ኣብ ውሳነ ወዲ ሰብ ዝምርኮሰ ፍጻመን ኣይፈለገን ጉዳይ ብርሃ፣ ትልንቲ፣ "ቀሺ፣ ወረዳታ እዩ! ብርሃ ወድ'ኻ ብርሃ ብርሃን ኮልና ሞይቲ! ኮኣሎ ጥራይ!" ኣሉ ደርጉሓሉ፣ ሽው እዩ ኸኣ ስድራቤትን ፈተወትን ሓብሮም "ብርሃይ!" እናበሉ ብዛኸሮት ዝጸበዩ።

ቀሺ. ሃብትማርያም ካብ ስራሕ ተጸዊዑ ድሕሪ ምምጻኡ ኣብቲ ዝ ነዊሕ ኣይጸንሑን፣ ሓደ ሰብኣይ ብኣዱ ጠቓዕ ጠቓዕ ኣበለ'ሞ፣ "ንኸድ በሉ ሰዓት ኣኸሉ፣ ንኸድ፣" ክብል ከኣሉ ሓዘንተኛ ካብቲ ዝ ንኸወጽእ ገዚዱ፣ ዝ. ዝሰምዐ ቀሺ. ሃብትማርያም ክርዳኡ ኣይኣኣለን፣ "ብርሃ ብኸመይ ሞይቲ? ሪሰኡ ኣበይ ኣሎ? ንስድራቤተይ ናብ ወለዱ፣ ኣሓትን ቤተሰብን ጅግና ስወእ ብርሃ ቀሺ. ሃብትማርያም'ውን ካብ ሃደምቲ ብለይቲ ተጻዒዝም ኣብ ዕሉተ ቐብሪ ንምሆ ናብ ኣስመራ ኣተወ፣ መንገዲ ከይ'ዝ ኣስመራ ኣተወ፣ "ማነዋኣቲ ናይ ተጋደልትና ከይኣክልስ ናብ ንኣሽቱ ኣሕዋትና! ናብ ንኣሽቱ ደቅና!" ናይ ሕርቃን ሰዋሚት ዝተሓወሰ ምዃርምራም እዩ ዝበረ፣

ስወእ መንእሰይ ብርሃ ካብ ኣቦኡ ቀሺ. ሃብትማርያም ንብረስላሰን ኣደኡ ምሉ ኣብራ ተኾለን ብ1975 ኣብ ሃደምቲ ወረዳ ደርጌን ብናይ ሕጂ ምምሕዳራዊ ኣጸዋወዳ ዞባ ደቡብ ንዞባ ጸርና- ተወሊዱ ዓቢዩ፣ ወለዱ ሓረስትዮት ብምኾኑም ከኣ ኣብ ንኡስ ዕድመኡ ጥራት እናሃበ ኣብ ሕቑፊ ስድራቤት ወለዱ ይኖር ነበረ፣ ናጽነት ኩዴት መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ደቂ ሴፋይ በትትምህርቲ ምስ ሃጸ ግዜ ምስ ተሰፈኣለም (ንኡሽቶ ሓወ.) ንምሆን ምሸትን እናተቐባበሉ ክመሹሩ ጀመሩ፣ ክሳብ ሳልሳይ ክፍሊ'ውን በጽሑ፣ ሳልሳይ ክፍሊ. ድሕሪ ምብጽሑ ግን ትምህርቲ ኣይቀጸሎሉ፣ ስራሑ ወለዱ ንምሕጋዝ ናብ መገዲ ስደት ኣምሪሑ ኣብ መወዳኢታ 1994 ዓ/ም ናብ ሃገረ ስዑዲ ዓረብ ሰገሩ፣

እንተኾኑ ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ናብ ስዑዲ ስለ ዝኣተዉ ቀሰኑ ክሰርሕ ኣይክኣለን፣ መንግስቲ ስዑዲ ዓረብ ዝኾነ ይኸውን ብዘይ ሕጊ ናብ ሃገር ስዑዲ ዝኣተወ ወጻኢኛ ተቐባልነት ከም ዘይብሉ ኣፍሊጡ፣ ብተወሳኺ፣ ከኣ ዘይሕጋዊ ስደተኛ ፍርም መዝሙብ ክመልእ'ሞ ባዕሉ መንግስቲ ሄና ዓዱ ከፉንም ጻወዲት ኣቕረበ፣ ብርሃ ድሙ እናተሓብኣ ስራሕ ውሕሱት ከም ዘይህልዎ ተገንዚቡ ተመዝገበ፣ ኣብ ስዑድያ ሽዓፈት ኣዋርሕ ጥራይ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ምስ ከምኡ ዝኣመሳሰሉ ብዙሓት ኣብ ሓንቲ ናይ ህዝቢ መርከብ ስዑድያ ተሳፊሩ ወደብ ባጽዕ ኣተወ፣

መንግስቲ ኤርትራ ብወኪሉ ነየም ዜጋታት ተቐቢሉ፣ ሃገራዊ ግቡኣም ዝሪጸሙ ሄና ዓደም ከፉት ኾሎ፣ ከም ብርሃ ንዘኣመሳሰሉ ግቡእ ሃገራዊ ኣገልግሎ ዘይሪጸሙ ግን ናብ ሳዋ ንምውራዶም ኣብ ኣጂፕ ኣከባዮ፣ ኣብ ኣጂፕ ግቡእ ናይ ጥዕና ምጽራይ ምስ ኣተዩ፣ ኣየም ብቐጥታ ናብ ሳዋ፣ ኣየም ናይ ጥዕና ጸገም ዝሰርሖም ድማ ናብ ዓዶም ነምለሱ ፈቐደሉም።

ብርሃ ምስ ወለዱ ከይተራኸበ ብድገድኡ ናብ ሳዋ ክወርድ ነበሱ ኣይገበረሉን፣ ንቐደም ገጽ ወለዱ ክርኢ ሰለ ዝበዝገ ምኽንያት ፈጠሩ ካብ ጉዕዞ ንሳዋ ክተርፍ ደለዩ፣ ኣብ ሓሳቡ ገለ ብልሓት ከሳስል ድሕሪ ምጽናሕ ድማ ነታ ብባህሪኣ ጠንቀኛ ዓባይቶ የማይቲ ኣዶ ዘበረ፣ ምስ ሰኽልና ዘይተመድብ ተራ በሳላ'ኳ እንተ ነበረት፣ ንዘዚኡ ግን ክጥቀመላ ወሰኑ፣ ዝ ምኽንያት'ዚኣ ብምቕራብ ድማ ምስ'ቶም ናብ ዓዶም ክኸዱ ዝተፈቐደሉም መንእሰያት ወጽኡ፣

ይቕጽል

ምንጪ፣ እኩብ ዛንታታት ተመኳሮ ገድሊ. መጽሓፍ "ዋርሳይ"

ስነ-ስርዓት ቀብሪ ስውኣት ደሴት ሓንሽ

ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

በየናይ ባህሪ ዝያዳ ትፍለጥ

ደቂ ሰብ ሓደ ካብቲ ጸበጥቕ ባህርና ንሕለፍና ብመንምንም ንቅድሚት ክንጥምት ንኽእል ብምኳንና እዩ። እዚ ንኹሉ ዙሓለፍናዮ ምዕባለታት ህይወት ብደቂቑ ብምትንታን ዝበረና ሕማቕ ኺ ብኸመይ ከም እንኣልዮ ወይ ካብኡ እናተናፈፍና ኑቲ ሓይል ጎደገና ድማ ብኸመይ ከም እንደርዎ ዝገመገመ መሳረታዊ መሳርሒ ህይወት እዩ። ባህሪ

ደቂ ሰብ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ፍሉይት ጸገቕ እዩ። ሓደ ሰብ ብፍሉይ ዝፍለጠሉ እወታዊ ወይ ኣሉታዊ ባህሪ ኣለዎ። ገለ ካብየም ባህሪያት ምስ እንጠቅሰሉ

• ዓወት ወጽኢት ስራሕን ቃልስን ምኳና ኣሚንካ ለይትን መልስትን ለወጠ ንኽተምጽእ ትጽዕት።

• እቲ ብቕንኢ እተጠቐዐ ሰብ ዲና? ሕጽረት እስትንፋሱ ብተደጋጋሚ ሕማም ርእሲ፡ ኣእዳዊ ቃንዛን ዝሃመሶ ንኻልኦት ብቐጻሊ ብምኽሻው እትፍለጥ።

• ብቅሑት ንህይወት ብዘቢብ መሰት ናይ ኣዒንቲ ትርኢ። ከሉ ነገር ተሰሩ ከም ዘይብሉ ዋላ እወን ዝጸዓረካ እንተ ጸዓረካ ገልወጥ ነገር ከም ዘለ ትሓስቡ ንመጹኢ እትርእዩ ብርሃን ደብዘዘ ምኳኑን ትግምገሙ።

• ብሰሓቕ ሕፍረት ምስ ሰብ ምሕዋስ ዋቕብ ዝሽሓቑ ሕማቕ እንተ ተዛረበ ሰባት ከይደነሉንን ከፍናሽዉንን ካብ ዝብል ዘይምኽሉይ ፍርሒ ምድረ ሰማይ ከም ኣፍ ፀኑዕ ትጸብቡ።

• ብዘዕባ ሕጽረት ግዜ ብምምሪራ ንምዝንጋፀን ዕረፍትን ግዜ ከም ዝሰኣንካ ኣብ ምግዳጽ ጥራይ መዓት ግዜ ተጥቀመሉ።

• ጭንቅን ወዮርን ዓለም መውጹኢታ የብሉን ብምባል ኑቲ ኣብ ሓሳብካ ጥራይ ዝሰረረ ጭንቅን ወዮርን ናብ ግብሪ ዝልወጥ ወልፍታት ከተማዕብል ትምጣጠር።

• ትብዓት ዝሰንቅካ ክሳብ መውጹኢታ ዕሚሃካን ሪእይታን ብጽንዖት እትምርሽ ሰብዶ ትኸውን?

• ሕሉፍ ጌጋ ብምምምጋም ንቅድሚት ትጥምት።

• ሰቕታ ትኸእሉ። ዘረባ ኣጉዳሲ ኣብ ዘይኮኑሉ ግዜ ካብ ሰኣእምሮኣዊ ነወጽን ዘይምቕእእትን ዝያዳ ዕሚግ ዘለዎ ምንባር ንምንባር እትቃለሱ። ሰቕ ብምባል ካብ ተራ ቃላት ወጺእካ ቀንግሃር ሓዘል ቃላት ንኽትዛረብ ትጽዕር።

• ብዘነሱ ዕሚግታት ክብጹሕ ከም ምኽኑን ትግምገሙ።

• ብሰሓቕ ሕፍረት ምስ ሰብ ምሕዋስ ዋቕብ ዝሽሓቑ ሕማቕ እንተ ተዛረበ ሰባት ከይደነሉንን ከፍናሽዉንን ካብ ዝብል ዘይምኽሉይ ፍርሒ ምድረ ሰማይ ከም ኣፍ ፀኑዕ ትጸብቡ።

• ብዘዕባ ሕጽረት ግዜ ብምምሪራ ንምዝንጋፀን ዕረፍትን ግዜ ከም ዝሰኣንካ ኣብ ምግዳጽ ጥራይ መዓት ግዜ ተጥቀመሉ።

• ጭንቅን ወዮርን ዓለም መውጹኢታ የብሉን ብምባል ኑቲ ኣብ ሓሳብካ ጥራይ ዝሰረረ ጭንቅን ወዮርን ናብ ግብሪ ዝልወጥ ወልፍታት ከተማዕብል ትምጣጠር።

• ትብዓት ዝሰንቅካ ክሳብ መውጹኢታ ዕሚሃካን ሪእይታን ብጽንዖት እትምርሽ ሰብዶ ትኸውን?

• ሕሉፍ ጌጋ ብምምምጋም ንቅድሚት ትጥምት።

• ሰቕታ ትኸእሉ። ዘረባ ኣጉዳሲ ኣብ ዘይኮኑሉ ግዜ ካብ ሰኣእምሮኣዊ ነወጽን ዘይምቕእእትን ዝያዳ ዕሚግ ዘለዎ ምንባር ንምንባር እትቃለሱ። ሰቕ ብምባል ካብ ተራ ቃላት ወጺእካ ቀንግሃር ሓዘል ቃላት ንኽትዛረብ ትጽዕር።

• ብዘነሱ ዕሚግታት ክብጹሕ ከም ዝኽእሉ ዝገምገሙ ዝኾኑ ሰባት ከይደነሉ ከሕፍሩ ከሎ ከሕፍሩ ከሎ ከሕፍሩ ከሎ

‘ጓኦ ፍልጥ

ዮርዳኖስ ጸጋይ

ዓለምለኻዊ መደበር ጠፈር

ዓለምለኻዊ መደበር ጠፈር፡ ካብ 1998 ክሳብ 2011 ኣብ ዘሎ ዓመታት እዩ ተሃንጺጹ። እዚ መደበር ጠፈር ብምወፃዕድ ኣብ 15 ሃገራት ዝርከብ ሃገራውያን መደበራት ጠፈር ክምስረት ከሎ፡ ቀንዲ ኣብርኃስተ ድማ ኣመሪካ፡ ሩስያ፡ ጃፓን፡ ኣውሮጳን ካናዳን እያ። እዚ ካብ መሬት ኣብ 402 ኪሎሜትር ብራኽ ዝርከብ መደበር፡ 450 ሽሕ ኪሎግራም ይፃዕሽ። እዚ ክንዲ ሜዳ ኮነስ እግሪ ዝኸውን ዕብየት ዘለዎ መደበር፡190 ሜትሮ ዝበጽሕ ቁመትን፡ 73 ሜትሮ ዝኸውን ጎድጎን ኣለዎ። ኣብዚ ሰፍሓት ክኣ ሽውዓተ መደቀሲ ክፍሊ፡ ክልተ ሽቓቕን ሓደ ጃምናዝዮምን ይርከቡ።

ብመሽርኒር ህዋ ካብ መሬት ናብ ዓለምለኻዊ መደበር ጠፈር ክትዝጽሕ ኣርባዕተ ሰዓታት ይወስድ። እዚ መደበር ኣብ 2000 ዓ.ም እዩ ንመጀመርያ እዋን ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ዝኸፍአ ሰብ ክሳ ዝ ... ክሳ ... ክሳ ... ክሳ

ምልክት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

1ይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኢያሱ ኣስረስ ገለዝዘ፡ ኣደይ ሃኑ በርህ መምህኑ፡ ስለዘፈረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ደረጋጽልና ስለዝበሎ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕ10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ኢያሱ ተስፋይ ሰለሙን ኣደይ ኣልጋሽ ፍስሃኣ ንብያስስ ስለዝፈረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ደረጋጽልና ስለዝበሎ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕ2/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሰድ ኣብርሃም ተስፋማርያም ምባል ተሪፉ፡ ዳናይት ኣብርሃም ተስፋማርያም ተሃሊሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕ3/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

ኣብ ከተማ ኣስመራ ንዞባ ሰማዕል ከብ. ዓ.ሳ.ስ.ም ፕሎት 113 ጋርሰል I ዚፕ ኮድ 1A867 ጎደና 867-436 ዓይነት ቪ.ላ ዝኾነ ኣብ ቤ/ጽ/ ካዳስተር ብቁጽሪ ንብረት 1BRASM015566/0 ብስም ማነፍን ሃይለ ከፈይ ናይ ዝተመዝገበ ምስከር ዋንኡት ዝ ስለዝጠፈኣኒ፡ ዝርኸቦ ወይ ብዕዳ ሕዝቡ ዝብል እንተሃዩ፡ ኣብ ወኸጠ. 30 መዓልታት ብቐጽሪ ቴሌፎን 07174192 ክሕብረኒ፡ እንተዘይ ኮይኑ መተኣኣታ ክሓትት ምኳነይ እሕበር፡

ኣቶ ማነፍን ሃይለ ከፈይ

ኣቶ ሚኻኤል ዓንደማርያም ንብረገርግሽ ዝተፈቕደሎም ናይ ምጥሓንን ምፅዋፕን ጨው ንግዳዊ ትካሎም "ሓርሲለ ምጥሓንን ምፅዋፕን ጨው" (HARSILE SALT GRINDING & PACKING) ተሃጊሉ ክሰዩመሎም ስለዘሓተቱ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቦና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ወኸጠ. ሓደ ወርሒ. ካብ ሕጋዊ ቤትፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘለ ተቐጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም እንምዝገብ ኾፍልጥ፡

ክፍሊ. ወኸጣዊ ንግዲ

ኣነ ልኡላ ዝተወሃልኩ፡ ኑር ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ፡ ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና መንደፈራ ዝርከብ ብመለለዩ ዝ ASD00048185 ብኢድሪሻ ካርታ 1A176/53/C1 ዝፍለጥ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቁጽሪ ንብረት 1BRAM019155 ብስም ኣፍ/ሂር ንብረትንኣኤ ኣስገዶም ዝተመዝገበ ዘይንቡሩ ንብረት ብመሻጣ ስለ ዝገደሙኸዎሞ ስም ዋንኡት ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዘደለኽ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጽኦሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ወኸጠ. 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘኽዝዞ መሳረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዝዝ ወይ ናይ መወዳኢታ ውሳኔ ሕዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ ግን ዝቃወም ኣካል ከምዝለለ ተቐጺሩ ሕጋዊ ምትሕልላፍ ስም ክፍጽም ምኳነይ ኣፍልጥኑ፡

ልኡል ማነፍን ምሪጭ

ኣመልኳቲት ወ/ሮ ምሕረት ንብረሃወት ተሞኑ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4ተ ኣስመራ ከብ. መደበር ዝርከብ ኣብ ፕሎት 17 ጋርሰል E6 ዚፕ ኮድ 1A138 ጎደና 138-1 ቁ.ዝ 23 ዓይነት ተራ ዝ መዓል ህንጻ መንበሪ ስፍሓት መሬት 61.92 ስፍሓት ህንጻ 41.76 ዝኾኑ መለለዩ ንብረት ምም/ ASD00009500 ዝተመዝገቡ ብዘሕ. ክፍልታት 2 ክፍሊ. 1 ክሽ/መኃ 1ዓይኒ ምድሪ ዘጠቓለሉ ብቁ.ንብረት 1BRASM005949/0 ብስሉት 06/06/2024 ዓ.ም ብምሕስትሪ መሬት ማይን ኣብ ስብ ቤ/ጽ ካዳስተር ዋንኡት ወ/ሮ ኣለም ፍስሓ ጸጋይ ዝተረጋገጸ ዝ ስለዘይኮኑዎሞ ዋንኡት ካብ ስም ሽየጠት ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዘደለኽ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ወኸጠ. ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኽዝዞ መሳረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዝዝ ወይ ናይ መወዳኢታ ውሳኔ ሕዙ ናብ ቤትጽሕፈት ፓፕለክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓወሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጅናል ሰነዳትና ብምቕራብ ስም ምትሕልላፍ ክፍጽም ምኳነይ ኣፍልጥኑ፡

ወ/ሮ ምሕረት ንብረሃወት ተሞኑ

ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ከላጅ ሰራፍልጠት ማይ ኃፍሒ፡ ዝም ኣብ ታሕቲ ተጠቐምም ዘለዉ ኣገልግሎታት ዝህቡ ንኻልተ ዓመት ኣወዳዲሩ ከከሪ ስለዘደለየ፡ ግዱሳት ተጣሪሕቲ ይዕድምፁ፡

1. ደኳን
2. እንዳ ፎቶ ኮፒ (ስቴሽነሪ)
3. ተረፍ መገቢ ተማሪ (ማኛ) ዝወስዱ

ተጣሪሕቲ ከምልእዎ ዘለዎም ሪቕሕታት፡

1. ንመኾበሪ ጨረታ ዝኸውን 50,000 ናቕፋ ንደኳን 20,000 ናቕፋ እንዳ ፎቶ ኮፒ ከምኡ'ውን 40,000 ንተረፍ መገቢ (ማኛ) ብC.p.O ዩትሕዙ፡
2. ቅዳሕ ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ክለራንስ ናይ 2023 ከምኡ'ውን ቅዳሕ መንነት የቕርብ፡ ብዘወሃኸ. እቲ ናይ ንግዲ ፍቓድ ኑር ትካል ዝገልጽ (ተመሳሳሊ. ምስቲ ትካል) ክኸውን ኣለዎ፡
3 ተጣሪሕቲ ዘየምስለ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰድ ጨረታ ካብ ከላጅ ደወስዱ፡
4. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጽሉ ዕለት ጀሚሩ ንተኸታተልቲ 10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሕቲ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተጣሪሕቲ ወይ ሕጋውያን ወኻልቶም ኣብ ዝተርከበሉ ሳንዱቕ ጨረታ ይኽፈት፡

ንተወሃኸ. ሓበሬታ ኣብ ኣሃዱ ዕድጊ ከላጅ ሰራፍልጠት ማይ ኃፍሒ. ቁ/ገ 7 G 12 ብምምጻእ ወይ ብቁ/ስልኪ. 08204288/08204281 ብምድዋል ምወሃስ ይኽእል፡

ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተርከበ፡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሳሉ ዝተሓለወ እዩ፡

ከላጅ ሰራፍልጠት ማይ ኃፍሒ.

ምስጋና

ብመሳዋእቲ ዘፍቅሮ ብዕልቤተይ ተጋ/ ምስለኪ. ተስፋይ ከፈይ ዝተሳመማና መረር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝደገፍኩምና ከምኡ'ውን ኣብ መቃብር ሓጋዥናትት ዘቃብርኩምና፡ ንዝና ብምምልላፍን ካብ ወኸጥን ወጽእን ብቴሌፎንን ዘጽናናዕኩምና ቤተሰብ ፈተውቲ መሳርሕቲን ቤተክርስትያን ቅዱስ ሚኪኤል ተራቮሎን የቕንጸልና ሕሳም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንገልጽ፡፡

ብዕልቲቤቱ ወ/ሮ ኣመተ ዘርኣጸዮን
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ምስጋና

ብዕረፍቲ ሓብትና ወዳጋትና ንኡት ንዘይ ወልደማርያም ዝተሳመማና መረር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ መቃ መቃብር ጸጸራት ዘቃብርኩምና ብኣካል ንዝ ተመሳሳሊኩምን ካብ ወኸጥን ወጽእን ደዋልኩምን ዘጽናናዕኩምና ክቡራት ካህናትን መሓዙታን ሕሳም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንገልጽ፡፡

ምሉኣት ስድራቤት

ምስጋና

ብሞንደቡታዊ ሞት ክብር ብዕል ቤተይ ፎቶ ሰለሙን ርኢም ዝተሳመማና መረር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ዝዓረፈሉ ሃገረ ኒርወይ ከኣ ኣብ ንዜና ከተማ ኣስመራ ብምምልላፍኑ ካብ ወኸጠ. ሃገርን ወጽእን ቴሌፎን ብምደዋልን ናይ ሓዘና ተኻፊልቲ ምኳንኩም ብምግልጽ ዘጽናናዕኩምና ፈተውትን ቤተሰብን መራሕቲ ሃይማኖትን የቕንጸልና ሕሳም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከምዝገልጽና ብኣኽብሮት ንገልጽ፡፡

ብዕልቲቤቱ ወ/ሮ ሰውራ ኮኮብ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤት ኑፍ. ሰለሙን ርኢም

ብስም ኣስመረት ንብራይ ተስፋይ ኣብ ዓዲ ከበ. ጻኣርስትያን ብመወከሲ. ቁጽሪ 427 ቁጽሪ ምስከር ወረቐት 9538 ስቀሽኑን ፕሎት 36 ጋርሰል B ንመዝገቢ መዓል ዝተዓደለኽዎ ምስከር ወረቐት ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝርኸበ ወይ ብዕዳ ሕዙ ዝብል እንተሎ፡ ብቐጽሪ ስልኪ. 07215241 ክሕብረኒ፡ እንተዘይኮይኑ ግን መተኣኣትኡ ንዝምልከቶ ኣካል ኩሉት ምኳነይ እሕበር፡

ኣስመረት ንብራይ ተስፋይ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ከተማ ኣስመራ፡ ዞባ 07 ምም/10 ጎደና ዓ.ቁ.ዝ 20 ቁጽሪ 41 ቁ.ፓርቸላ 4/1 ስፍሓት መሬት 54 ት.ሜ ብዘሕ. ክፍልታት ቀንዲ 2 ሓገዝቲ ክፍልታት 2 ዘጠቓለለ ምስከር ቁ.116422 መወከሲ. ቁ.105260 ኣብ ከምሸን ኣብይቲ ብስም ወላዲተይ ኑፍ/ ሃይማኖት ሰመረ ካሳ ተመዝጊቡ ዝርከብ ብወረሳ. ዝርኸበኩዎ ዘይቀሳቐሰ ንብረት ግዙ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዘደለኽ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ወኸጠ. ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኽዝዞ መሳረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዝዝ ወይ ናይ መወዳኢታ ውሳኔ (ይግባይ ተሃሊሉ እንተኾይኑ) ሕዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡ እንተዘደሉ ስም ናይ ምትሕልላፍ መሳርሕ ከምዝፍጽም ኣፍልጥ፡

ኣመልኳቲት ሳብ ኣቸለ ንብርሃወት

ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ኤርትራ - ኣብ ሻምፕዮን ዓለም ክትሳተፍ እያ

ሃገራዊት ጋንታ ቅድደም ብቕልሊታ ኤርትራ፡ ካብ 22 ክሳብ 29 መስከረም ኣብ ስዋዝርላንድ ኣብ ዝተዳደረ መባእ 91 ሻምፕዮን ዓለም፡ ብኣርባዕተ ምድባት ክትሳተፍ ምኻኑ፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድደም ብቕልሊታ ሓቢሩ፡፡

ብደረጃ ኣፍሪቃ ኣዋህሊሉ ብዘለ ሃብቢ ዛቢት መረሕቲታ ኣደልዲሉ ዘለ ኤርትራ፡ ኣብ ናይ ዓበይቲ ብሽዓሽተ ተቕዳደምቲ ክትወክል እዩ፡፡ ኣስምፒክውያን ተቕዳደምቲ መርዋዊ ቅዳኑ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄርን ቢንያም ግርማይን ከምኡ'ውን ሄኖክ ምስኣብርሃኑ ናትናኤል ተስፋጹሽን መትከል እዮ ተመሪጾም ኣለው፡፡

ይኸኖ'ንምባር፡ መርዋዊ ኣብ ሓመሽይቲ መድረኽ ዘር ሃይናን ብሰንኪ ዘጋጠሞ መጉዳኢ፡ ኣብዚ ውድድር ነፀግዘይሳተፍ፡ ኣስልጣኒ ናይዛ ጋንታ ሳምሃን ስለመን ሓቢሩ፡፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ቻይና ኣብ ውድድር ዝርከብ ዳዊት ዮማ ከኣ መተዛኣታኡ ኮይኑ ምህላዉ ወሲኹ ሓቢሩ፡፡

ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት፡ ሓመሽቶ ተቕዳደምቲ - ያፊት መልጌታ፡ ኣኽስሉ ኣረፋይ፡ ናህም ዘርኢዩ፡ መዋኣል ግርማይን ዓወት ኣማንን ተመሪጾም ኣለው፡፡ ኣስልጣኒ ናይዛ ጋንታ፡ መሲ ኣሸል እዩ፡፡

ብዘይካዚ፡ ካብ ዩሲኣይ ናይ ስልጠና ዕድል ረኺቦ ኣብ ኣመሪካ ኣብ ትምህርቲ ዘለ ቅዑት ወልደሚኻኤል፡ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር ማልዩ ኤርትራ ክትሳተፍ እዩ፡፡ ድሕረኣ ተመሳሳሊ ዕድል ዝረኸቡ ሻምፕዮን ኤርትራ ንኣሽቱ (ጁንጋር) ተቕዳደምቲ 2024 ኤፍራም ዘርኢጋብርን ካልኣይ ዝወጸ መዋኣል ገለይን ኣቡቲ ዝወዳደሩሉ ዕድመ ክኣትዉ እየ ግዜ፡፡ በዚ ከኣ ኤርትራ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር 14 ተቕዳደምቲ ከተሳትፍ እዩ፡፡

ሃገራዊት ጋንታ ቅድደም ብቕልሊታ ኤርትራ፡ ክንድ'ዚ ቀጽሪ ተቕዳደምቲ ከተሳትፍ ዝኸኣሉት፡ ኣብ ናይ ዓበይቲ ምድብ ብደረጃ ዓለም ኣዋህሊሉዩ ብዘለ 4,864 ነጥቢ መባእ 18 ተርታ ተሰሪዓ ብምህዋዋ እዩ፡፡ ብደረጃ ኣፍሪቃ ድማ ነታ ካልኣይት ኮይና ትሰዕብ ዘለ ሞርኒ ብስህለት ዕጽፊ በለጻታ ትርከብ፡፡ ኣብ ናይ ትሕቲ ዕድመ 23 ከኣ ብደረጃ ዓለም መባእ 17 ተሰሪዓ ኣሉ፡፡

ኣብዚ ውድድር ንኤርትራ ወኪሎም ዝነፃፉ ተቕዳደምቲ፡ ኣብ ብለጽ ብቕዓት ብምህላዎም፡ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ብለጽ ደረጃ ሕዛ ክትወጽእ ትጽበት ይግበር፡፡ ሻምፕዮን ዓለም፡ ናይ ውልቂን ናይ ጋንታን ናይ ግዜ፡ ከምኡ'ውን ናይ ጸርግያ ውድድራት ዘጠቓለለ እዩ፡፡ ብፍላይ እቲ ብደረጃ ዓለም ብለጻት ተቕዳደምቲ ዝነፃፍዎ ናይ ጸርግያ ውድድር ልዑል ኣቓልቦ ዝወሃቦዩ፡ ጸበቕ ዕድል ንዘቕዳደምሉና!

ባሎን ድ'ኦር፡ ሓጺር ዝርዝር 30 ሕጹያት ተጻወትቲ ዘርጊሓ

ድሕሪ 2003 ሮናልዶ ኮነ ሜሲ ዘይብሉ...

ዝደጋ ተባሂ ውልቃዊ ሽልማት ዝኸፍ ባሎን ድ'ኦር፡ ናይ 2024 ሓጺር ዝርዝር 30 ሕጹያት ተጻወትቲ ዘርጊሑ፡፡

ኣብዚ ሽልማት፡ ሽዱሽተ እንግሊዝውያን ተጻወትቲ - ሃሪ ኬን (ክሳብ ባየር መኒክ)፡ ጃድ በሊንዝም (ሪያል ማድሪድ)፡ ፊል ፎደን (ማን ሲቲ)፡ ዴክለን ራይሰን በላዮ ሻን (ኣርሰናል) ኮል ፓልመር (ቸልሲ) ተኻቲሎም ኣለው፡፡

ብሓፈሻ ካብ ፕሪመር ሊግ 10 ተጻወትቲ ክምረጹ እኽለው፡ እቶም ሸሞንተ ካብ ክሳዖት ማን ሲቲን ኣርሰናልን እያዮ፡፡ ሩብን ዲያዜ ኣርሊን ሞሃመድን ሮድሪ ምስ ፎደን ዝዘመጹ ተጻወትቲ ሲቲ እያዮ፡፡ ኦዲጋርድን ሳሊባን ምስ ሻን ራይሰን ካብ ኣርሰናል እያዮ፡፡ ሓሊፍ ልዑት ኣስቶን ቪላ ኢሚልዮኖ ማርቲነዝ ፓልመር ወሲኹ ከኣ 10 ተጻወትቲ ፕሪመር ሊግ ይኾኑ፡፡ ካብዚን ዝጸበየ ክሳዖት እዚ ሊግ ዝኸፍና ሊቨርፑልን ማን ዩናይትድን ዝኸፍ ተጻዋታይ ኣይተመርጸንዩ፡፡

እዚኦም፡ብደረጃ ሃገርን ክሳብን ኣብ ዓመትዚ ማለት 2024 ጸብሓል ኢላ እዩ፡፡ ብሃገር ዋንጫ ኣውሮጳ 2024 ክትዓትር እኽሎ ብክሳብ ደረጃ ከኣ ሪያል ማድሪድ፡ ሻምፕዮንስ ሊግ ብምልዓል ዓንቲራ ወጺኦ እዩ፡፡ በዚ ከኣ ካብ ክልተኣን ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ክምረጹ ግድን እዩ፡፡ ካብ ማድሪድ፡ ኣንዶሳ ሩዲገር፡ ፊደ ቫልቫርዴ፡ እዝዕኛዊ ዲ ካርቫሃል፡ ቶኒ ክሩስ ቪኒሽዩስ ጁንጋር፡ ምስ እንግሊዝ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ዩሮ 2024 በጺሑ ብኣሰጋ ዝተሳዕረ - በሊንዝም፡ ብደረጃ ኣሰጋ ከኣ ምግል (ክሳብ ባርሴሎና)፡ ሮድሪ (ምስ ክሳዖ ዕወት ፕሪመር ሊግ)፡ ኣብዚ ክረምቲ ናብ ባርሳ ዝተዝዓገገ ዲ ኣልሞ፡ ኣሊሃንድሮ ግሪማልዶ (ባየር ለቨርኩሰን)፡ ሄክ ዋልምስ (ኣትሊቲኮ በልባኦ) ተመሪጾም ኣለው፡፡

ብዘይካዚ፡ ሰዓብርላንዳዊ ግራንት ሃፕኒን ጀርመናዊ ፍሎሪያን ዊርትዝ (ካብ ባየር ለቨርኩሰን)፡ ኣብዚ ክረምቲ ናብ ሪያል ማድሪድ ዝተዝዓገገ ከይላን ምባፔ፡ ኣርተም ዶቭብያክ (ዳክሪይትን ክሳብ ርማን)፡ ማት ሁመልስ (ጀርመን)፡ ቪቲንያ (ፖርቱጋልን ክሳብ ፒኤሰጂን)፡ ዛርኮቪ ሃሰን ካልሃናግሉን ኣርጀንቲናዊ ላዉታሮ ማርቲነዝን ካብ ኢንተር ሚላን፡ ናይጀሪያዊ ኣደሞላ ለክሆማን ካብ ኣታላንታ እያዮ፡፡

ኣብዚ ዓመት መጻ ድሕሪ እትገብሮ ምርጫን ምዕዳል ሽልማትን ኣዛዝቢት ካብ ምኳን ዓዲ ወዳላ ዘይተፈልጥ ሽልማት፡ ሞ ሳኣሕ ዘይምምሪጹ ንክለ ወኪት ቁር ኣልዎም ደርጃ ክሰጥ ክኢሉ ዝኸፈ ዓመት ዋንጫ ካሪባኦ ካፕ ከተልዕል ዝኣዝዘ ሳኣሕ ኣብ ኩሉ ውድድር 25 ሽዑታትን 14 ቀረብን ብምዝገር ብውልቁ ዕወትቲ ክትህሊ እንትኾኑ ወቕቲ ከምዝኸፈሉ ይግለጽ፡፡ ብዘይካዚ፡ 'ብሪዚሊዊ ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ሮድሪጎ ክምረጽ ኔሩዎ ዝብሉ ወሬታ'ውን ኣለው፡፡

በዚ ኮይኑ ቡቲ ንዝ ናይ ሎሚ ዓመት ሽልማት፡ ድሕሪ 2003 ንፈለማ ግዜ ክረስቲያኖ ሮናልዶ ነዓ ለያኔል መሲ ኣብ ሓጺር ዝርዝር ዘይብላ ቀዳመይቲ ዓመት ኮይና ኣሉ፡ መሲ፡ ሽሞንተ ግዜ ዝ ሁብቡቲ ሽልማት ብምልዓል ኣብ ቅድሚት ክስራሕ እንከሎ፡ ሮናልዶ፡ ብሓመሽቶ ይሰዕቡ፡ ብዘይ'ዚ፡ ኣብ ስራሕ ጸወታ ዘለዉ ናይ 2018 ዕወት ሉኃ ሞድሪች፡ ናይ 2022 ዕወት ካሪም ቦንዘማ ብዘይምምሪጾም፡ እቲ ሎሚ ዓመት ዝዕወት፡ ሓዳሽ ዕወት (ንኣልማይ ግዜኡ ዝዕወት) ተጻዋታይ እዩ ክኸውን፡፡

ካብ ነፍሲ ወከፍ እተን ኣብ ደረጃ ፊፋ ዝበጽሓ 100 ሃገራት ዝመጽኡ ጋዜጠኛታት ብዘሰብዋዎ ድምጺ፡ እትዕደል እዝ ሽልማት፡ 28 ጥቅምቲ ኣብ ፓሪስ - ዕወት ክትሃገር እዩ፡፡ ዝበጽሓ ኣስልጣኒ፡ ሓሳዊ ልዳት፡ ዝበጽሓ መንእሰይ ተጻዋታይ፡ ከምኡ'ውን ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኣብታ ዕለት ክወሃብ እዩ፡፡

ቅንጥብጣብ

* ኣብዚ ክረምቲ ካብ ማን ዩናይትድ ድሕሪ ምወጽኡ ዛቢት ወሰል ኣልቦ ተጻዋታይ ኮይኑ ዘሎ ኣንቶኒዎ ሞርሻል ካብ ብሪዚሊዊት ክሳብ ፍላሚንጎ ሕቶ ቀሪቡሉ፡፡

እዝ ጋንታ፡ ኣጥቃዓይ ፕደሮ ድሕሪ ዘጋጠሞ መጉዳኢ እዩ፡ ዝ ፈረንሳዊ ንምፍራም ጠሲብ ኣቕዕዝኡሉ ዘሎ፡፡

ብዘይካ ፍላሚንጎ ግሪኖዊት ክሳብ ኣይኢክ ኣተንስ እውን ንሞርሻል ክብራ ወሰን ምስዋጋ ተጻወትታ ብዘሰበረ መስርሕ ከተፈርሞ ድሉት ከምዝሰዋ ይሕበር፡፡

* ዳይሬክተር ስፖርት ክሳብ ባየር መኒክ ዝኾነ ኣቦርል ተጻዋታዋም ጃሚል ሚሲዮላ ኣብ ሽልማት ባሎን ድ'ኦር ዘይምምሪጹ ከምዝገረሞ ገሊጹ፡፡ መሲ ደኣ ዋላ'ኳ ክሳብ መኒክ ዝሓለፈ ወቕቲ ብዘይዋንጫ እንተዘሎ፡ ንሱ ግሩ ሓደ ካብቶም ብለጽ ብቕዓት ዘሎዉ ተጻወትቲ ምኳኑ ደጋሚሙ፡፡

ውድድር ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ቀጺሉ

ስፖርታዊ ውድድር ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብቕድሚ ትማሊ ረብሓ ብኮሶ መርዝዝን ብኮሶ እግርን ቀጺሉ፡፡

ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ መዳኒር ደንደን (ቦወሊን) ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ ኮሶ መርዝዝ ደቂ ተባዕትዮ፡ ሳብር ንዓራዳ ኣቡሂ ንሓለቦት ብተመሳሳሊ 3ብ0 ሰዒርናኣ፡፡

ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ኮሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሳብርን ዓራግን 0ብ0 ክፈልሊያ እኽለዋ፡ ሓለቦት ከኣ ቅድሚ ዕረፍቲ ካብ ሉልያ የወሃስ ብዘረኸቦታ እኽ ሹዮ ንኣቡሂ 1ብ0 ከምዝሰዓረታ፡ ናይቲ ውድድር ሓበሬታ የረድኦ፡፡

ውድድር "ግራስ ሩት" ብናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ግጥማት ቀጺሉ

ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ኮሶ እግሪ ዞባ ማኣከል፡ ብስለሰን ትማሊ ሓመሳን ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ግጥማት ኣቐዲዱ፡፡

በዚ መሰረት፡ ኣብ ትሕቲ 13 ዓመት ደቂ ተባዕትዮ፡ ፕሮረት ንዝ ጥንዳ 3ብ0፡ ጸጋሪት ንጋሳፍሒ 2ብ0፡ ዕዲጋ ሓመሳ ንኣቦሽወል 1ብ0 ክስዕረኣን እኽለዋ፡ ጉዳይፍ ብፍጹም ቅሳዕ ንማይ ተመናይ 5ብ4 ኣሰፋፊታ፡፡ በዚ ከኣ ጉዳይፍ፡ ዕዲጋ ሓመሳ፡ ፕሮረትን ጸጋሪትን ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፈን፡፡

ኣብ ናይ ትሕቲ 15 ዓመት፡ ኣኽርያ ንኣቦሽወል 5ብ0፡ ጉዳይፍ ንማይ ተመናይ 4ብ1፡ ፓራዳዝ ንሸርኽ 5ብ0፡ ዝ ጥንዳ ከኣ ነታ ኣብ ምዳብ ዝዘ 2ብ2 ዝዘፈላለየታ ጸጋሪት ብፍጹም ቅሳዕ 3ብ2 ሰዒራታ፡፡ ዝዘዓወታ ጋንታታት ድማ፡ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፈን፡፡

ብዘይ'ዚ፡ ናይ ትሕቲ 17 ዓመት፡ ተሪፕሎ ንዝ ጥንዳ 3ብ2፡ ዕዲጋ ሓመሳ ንሞኣከል ከተማ 1ብ0፡ ሰማል ንኣረጀቻ 3ብ1፡ ፓራዳዝ ድማ ምስ ፕሮረት 2ብ2 ድሕሪ ምፍልላዩ፡ ብፍጹም ቅሳዕ 3ብ2 ሰዒራ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፋ፡፡

እዚ ነዋሊ'ሉ እኽለ፡ ሓመሽቶ ጋንታታት ትሕቲ 17 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዘቦዳኣ ናይ ዘርያ ጸወታ፡ ሰለሰን ረብሓን ቀጺሉ፡፡ ዕዲጋ ሓመሳ ንፕሮረት 1ብ0፡ ቦሪክ ምስ ኣኽርያ 0ብ0፡ ፓራዳዝ ንፕሮረት 3ብ0፡ ዕዲጋ ሓመሳን ኣኽርያን 1ብ1 ብዘሸነፋ ወጽኢት ከምዝዘፈላለዩ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ውድድር ሓበሬታ የረድኦ፡፡

መደብ ጸወታ

ሎሚ

ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ዞባ ማኣከል ኣብ ሲታድዩም ኣስመራ ሓይሊ ባሕሪ - ኣኽርያ 1:00 ድቃ

ጸጋሪት - ኣርባዕተ ኣስመራ 3:00 ድቃ

ሓሙስ ሊግ

ፈረንሳ - ኢጣልያ 9:45 ምሽት

በልጅዩም - እስራኤል 9:45 ምሽት

ዌልስ - ቱርኪ 9:45 ምሽት

ዜና ቁጽሪ

ሽዊት ተኽለ

“ቻይና፡ ኣብ ኣፍሪቃ ናይ ሓደ ሚልዮን ናይ ስራሕ ዕድል ክትፈጥር እያ” ፕረዚደንት ሺ

ፕረዚደንት ህዝቢት ሪፓብሊክ ቻይና ሺ ጂንፒንግ፡ ሃዙ ኣብ ኣፍሪቃ ብወኃሉ ንሓደ ሚልዮን ሰባት ናይ ስራሕ ዕድል ከምእትፈጥር ቃል ኣትዩ።

ፕረዚደንት ሺ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዝተኻፈተ ‘መድረኽ ምትሕግጋዝ ቻይናን ኣፍሪቃን’ ኣብ ዝሰጦ መግለጺ፡ ቻይና ንሃገራት ኣፍሪቃ ልቓሕን ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሓገዝን ዘጠቓልል 51 በልዮን ዶላር ባጀት ክትህልዕ ምኳናውን ገለጹ።

ብዘይካዚ፡ ቻይና ምስ መላእ ኣህጉር ኣፍሪቃ ዘለዋ ምትእስስር ንምዕባዩ፡ ንጋ30 ፕሮጀክትታት ትሕተ-ቅርጺ ክትድግፍ ምኳና፡ እቲ ፕረዚደንት ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ሺ ወሲኹ፡ ህዝቢታት ቻይናን ኣፍሪቃን ብሓባር ብምስራሕ ካብየም ቅድሚ ሕጂ እተዓጹ ስርሓት ዝፀበቡ መደባት ክዕምሙ ከምዝኽእሉ ኣብሂሉ።

ቻይና፡ ካብ 2009 ኣትሒዛ እታ ዝዓበየት ንግዳዊት መሻርኽቲ ኣፍሪቃ እያ። ኣብ 2023፡ ንግዳዊ ልውውጥ ኣፍሪቃን ቻይናን ልዕሊ 280 በልዮን ዶላር ከምዝበጽሐ ጸብጺብ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ የመልክት።

ኣቡቲ ኣብ ከተማ በይጂንግ ንዝካየት መዳልቲ ዝቀደድ ኣኼባ ‘መድረኽ ምትሕግጋዝ ቻይናን ኣፍሪቃን’ 54 ሃገራት ኣፍሪቃ ብመንገዲ መራሕቲንን ሓለምት ሰብኣልጣንን ተወኪለን ከምዝለዋ ማዕከናት ዜና ቻይና ሓቢሩ።



ብዕጡቓት ሑቲ ዝተሃርመት መርከብ ግሪኽ ክትሰሓብ ከምዘይትኽእል ተሓቢሩ

ኣብ ቀይሕባሕሪ ብዕለ ከይተሰዕበ ተሰቢኣ ዘለ ንግዳዊት መርከብ ግሪኽ፡ ተሳሒባ ናብ ወሓሰ ቦታ ክትወሰድ ከምዘይተኽእል ተገሊጹ።

እዚ ዝተገልጹ ትትሒ ጃላቡ ዝ ‘ኤም-ቪ. ደልታ ሳያን’) ዝተባህለት መርከብ ሱሓሪን ከወጽእኣ ዝበራኣ ፈተነ ካብ ከምዘይተዓወተ ኣብ ዝሕብረሉ ዘሎ እዩ።

እታ ኑዳዲ ዝጸንሐት መርከብ፡ ብ21 ኑሓሰ ብሚሳይላት የመናውያን ዕጡቓት ድሕሪ ምህራማ ኣብ ማእከል ባሕሪ ደው ክትብል ከምዝተገደደት ይፍለጥ።

ኣብ’ታ ኣብላታ ገዲፍማ ዝኸዳ መርከብ ዘሎ ኣስታት ሓደ ሚልዮን በርሚል ዝዀሳት ኑዳዲ ናብ ባሕሪ ከይፈስስን ከብቢዳዊ ብኸላ ከጸስዕብን ከምዝኽእሉ ኣብ’ቲ ከባቢ ተዋፊሩ ዘሎ ሓይልታት ኣመራ ከጠንቀቕቕ ምጽንሑ ይፍለጥ።

ካብ 23 ኑሓሰ ጀሚሩ ኣብ ዝዝን እታ መርከብ ዝተወልዐ ባርዕ’ውን ክሳብ ሕጂ ይቕጸል ከምዝሎ። ኣብ’ቲ ከባቢ ተዋፊሩ ዝርከብ ልፍንቲ ሓይሊ ባሕሪ ሕብረት ኣወርጻ ገሊጹ።

“ኑቲ ናይ ምድሓን ስርሒት ሓለፍነት ዝወሰዳ ትኖሳት ብሕቲ እቲ ከኒታት ኒታ መርከብ ስሒብክ ንምውጽኣ ዘኽእል ከምዘይኮነን ውሕሰት ከምዘይበሉን እየን ዝሕብራ ዘለዋ” ይብል እቲ ቡቲ ኣወርጻዊ ሓይሊ ባሕሪ ዝወጸ መግለጺ።

በዚ ድማ እተን ትኖሳት ካልእ ኣማራጺታት የናድያ ከምዝለዋ፡ እቲ መግለጺ ጠቒሱ።

የመናዊ ዕጡቕ ጉጅለ - ሑቲ፡ ኣብ ዝሓለፈ መዳልታት’ውን ኣብ ልዕሊ ክልተ ካልኣት መራኽብ ኑዳዲ መጥቃዕቲ ከምዝፈጸሙ ይሕበር ኣሎ።

ሑቲ፡ ነቲ ግብረመልሲ ናይ’ቲ እስራኤል ኣብ ቓዛ ተካይዳ ዘላ ኩናት፡ ምስ እስራኤል፡ ኣመሪካን ብሪጣንያን ርኽብ ዘለወን መራኽብ ጥራይ ዒላማ ይገብር ከምዘሎ እዩ ዝሕብር።

ኖርወይ፡ ኣብ ዝርርብ ሰላም ማእከላይ ምብራቕ ከምእትተሓባበር ገሊጻ

ኖርወይ፡ ኣብ ዝርርብ ሰላምን ጸጥርታት ዕርቂን ማእከላይ ምብራቕ ምስ ቻጠር ክትተሓብር ድልውቲ ምኳና፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኖርወይ የናስ ጋህር ስቶር ዝሓለፈ ረቡዕ ሓቢሩ።

ስቶር ዝ. ዝገለጹ ምስ’ቲ ኣብ ኖርወይ ዐይት ዘቦደ ኣማር ቻጠር ሸኽ ታሚም ቢን ሓማድ ተራኺቡ ድሕሪ ምዝታዩ እዩ።

“ቻጠር፡ ኣብ ስራሕ ሰላምን ዕርቅን ማእከላይ ምብራቕ ዕዙዝ ተራ ትጻወት ኣሉ ኣብ’ዚ መዳይ ድማ ድልዱል ሽርክነት ኣሎና” ክብል ስቶር ድሕሪ’ቲ ርኽብ ኣብ ዝዘሮ መግለጺ ሓቢሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ “ኖርወይ፡ ኣብ መንነ እስራኤልን ሓማስን ተኸሲ ደው ንምባል ዝኾደድ ዘሎ ጸጥርታት ምስእ ብምስእ እዩ ትድግፍ፡ ብዘዕባ ኣብ’ቲ ዞባ ዘሎ ዘይምርግጋእ ድማ ግቢ ሶባኦት እዩ ዘለዋ” ኢሉ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ መንነ ኖርወይን ቻጠርን ዝዘሎ ድልዱል ሽርክነት ዘስመረሉ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ እዚ ድማ ኣብ ዲፕሎማሲ፡ ጸጥታን ንግድን ዘጠቓልል ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ንዝዀነር ምትሕብባር ኣጋዳሲ ምኳኑ ኣረዳእ።

ኣብ ቓዛ ን187 ሽሕ ህጻናት ክተበት ተዓዲሉ

ኣብ ማእከላይ ክፋል ቓዛ ኣብ ዝተኻየደ ንሰሰት መዳልታት ዝቐጸለ ቀዳማይ ዙር ክታብት ፖልዮ ን187 ሽሕ ትሕቲ 10 ዓመት ህጻናት እቲ ክታብት ከምኣተዓደሉ ሰብኣዊ ረድኤት ሕብረት ሃገራት ገለጹ።

ቤትጽሕፈት ምወፃእ ሰብኣዊ ጉዳያት ሕብረት ሃገራት (ኦቻ) ኣብ ዝዘሮ መግለጺ፡ እቲ ወፍሪ ኣብ ዝቐጸለ መዳልታት እውን ኣብ ደቡብ’ውን ሶሜናውን ክፋል’ቲ ወሓመጥ ክዝርድ ምኳኑ ሓቢሩ።

ኣብ’ዚ ወፍሪ ልዕሊ 640 ሽሕ ህጻናት ክታብት ጸረ-ፖልዮ ክወሰዱ ዕላማ ተገይሩ ደስራሕ ከምዝሎ፡ እቲ ቤት-ጽሕፈት ወሲኹ ኣረዳኢ።

ትካል ህጻናት ሕብረት ሃገራት (ዩኒሴፍ)፡ ኣብ ግጭት ሓማስን እስራኤልን ዝወሰድ ምቁሪጽ ተኸሲ ዝተረፉ ዘርያታት ናይ’ቲ ወፍሪ ብዓወት ክፍጸሙ ኣድላዩ ምኳኑ ኣተሓሳሲቡ።

ወፍሪ ክታብት ፖልዮ ቓዛ ሓደ ወዲ 10 ወርሒ ህጻን ቡቲ ሕዋም ብቸሬል ድሕሪ ምልማሱ ከምእተጀመረ ይፍለጥ።

ኣቓ፡ ኣብ ወፍሪ ክታብት መላእ ክፋል ማእከላይ ቓዛ 510 ጉጅለታት ከምእተዋፈራ፡ 40 መሻርኽቲ ጥዕና ድማ ከምዝተሳተፋን ሓቢሩ።

እንተኾነ እቲ መሓርሕ ምዕዳል ክታብት፡ ብሰንኪ ደብዳብ ኔፈርቲ እስራኤል ይተዓናቐፍ ከምዝሎ እዩም ጸብጻቡ ዘመልክት።

ጆርጅያ - ብመጥቃዕቲ ፈኩሰ ብረት 4 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ኣመሪካ፡ ክፍሊ ሃገር ጆርጅያ ኣብ ዝርከብ ካልኣይ ደረጃ ቤትትምህርቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ብዘተኸፍተት ተኸሲ ኣርባዕተ ሰባት ክሞቱ፡ እንከለዉ፡ ትሽዓተ ካልኣት ድማ ከምዝቖሰሉ ሰብኡማዊ እቲ ከብ ገለጸም።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ካልት ግሪይ ዝዘሓለለ ወዲ 14 ዓመት ተመሃሪይ ናይ’ቲ ካልኣይ ደረጃ ቤትትምህርቲ ብዘኸፈቶ ተኸሲ ከምዝሞተ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ ግሪይ፡ ብቕትሊት ክኽሰሰን ከም እኹል ሰብ ድማ ክፍረድ ምኳኑን ተገሊጹ።

ኣብ መንነ ግሪይን እቶም ግዳያትን ዝኸነ ምትእስስር ነይሩ ደዩ ኣይፈለጥን ዛቢት ዝተፈልጠ ሃገር ከምዝለለ ዘረድኣ ፖሊስ እቲ ከብ፡ መርመራታት ይቐጽል ከምዝሎ ኣስጊሩ።

ብዘይካ እቶም ብጥይት ኣህሊዊ ጉድኣት ዝወረዶም ትሽዓተ ሰባት፡ ሓሙሽት ካልኣት እውን ምልክታት ስንባደ ብምርኣዮም ኣብ ሆስፒታል ከምዝተዓዝቡ፡ ኣፈኛ እቲ ሆስፒታል ገሊጹ።

ድሕሪ’ቲ መጥቃዕቲ፡ እታ ቤት-ትምህርቲ’ን ኣብ’ቲ ከባቢ ዝርከብ ካልኣት ኣብያተ-ትምህርቲ ንዝተረፈ ሰሙን ክዕጽዋ ምኳኑ ተሓቢሩ ኣሎ።

ነቲ መጥቃዕቲ ኣመልኪቱ ፕረዚደንት ኣመሪካ ጆ ባይደን ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዝዘሮ መግለጺ፡ ኣባላት ባይቶ፡ ወሓሰ መኽዘን ኣጽዋር ክጠልቡን ንመጥቃዕቲ ፍኩሰ ብረት ዝደናፍኡ መጽሐፈታትን ክእግዱን ጸወዲት ኣቕሪቡ።

ኣብ ኣመሪካ፡ ኣብ’ዚ ሐዝኖ ዘሎና ዓመት ጥራይ ልዕሊ 380 መጥቃዕቲታት ፍኩሰ ብረት ከምዝጋጠሙ ጸብጻጽ’ታ ሃገር የመልክት።

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ማይ ተመናይ

ዕለት
6/09/2024

ጎደና
ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ. 315፡ ከባቢ ቤት ክረስትያን ኣቡኑ ኣረጋዊ

ቁ.ስልኪ.
08370134

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services